
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.134 | ሰሉስ 4 ለካቲት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
'ሃይፐታይሮዲዝም' - ትሑት ነዝዒ ጸኪ ጕዕጕዕቲ




ገጽ 3
ሰናይ ምንጋት ምስ ሓድሽ ዓመት ድሕሪ ዓመት




ገጽ 4
ኣፍሪቃ፡ ግዳይ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን...




ገጽ 5
ሺሻ ዘባ ዓንሰባ!



ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ




## ማእከላይ ባይቶ ሃ/ማ/ሓ/ስ/ኩ/ኤርትራ፡ ንጥፈታት ማሕበር ገምጊሙ

ማእከላይ ባይቶ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኩናት ኤርትራ፡ ብ31 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየዶ ኣኼቡ፡ ዓመታዊ ንጥፈታት ማሕበር ገምጊሙ።

ኣብቲ ኣኼቡ ማሕበር ዘቕረቦም ንጥፈታት ብመግለጺ ዝከፈተ ወጥ፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሰንኩላን ንምሕያል ኣብ ዝተሰላሰለ መደባት ዝከበረ ተራ መሻርኽቲ፡ ከምኡ'ውን ሰንኩላን ኩናት ብመደብ ርእሰ-ምርኩሳ መታብርኦም ንምምሕያሽ ዝተሳለጠ ዕማም ዘንጸብርቕ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበር ቁጠባዊ ዕቤት ኣባላቱ ንምርግጋጽ ዝወደቦ ስልጠናታትን ወጽኢቱን፡ ብሕርሻ፡ ምርባሕ ጥሪትን ንህቢን ከምኡ'ውን ንግዲ፡ ባዮ-ጋዝን ካልእን ዝተጣየሱ ሰንኩላን ኣብ ናብራኦም ዘርኣይዎ ምምሕያሽ ዝምልከት መብርሂ ተዋሂቡ።

ማሕበር ንኣባላት ዝርሓዎ ናይ ልቓሕ ዕድልን ኣገልግሎትን ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ 2024 ን334 ሰንኩላን ንስራሕ መጠቐሚ ዝኾነ ብድምር ልዕሊ 6 ሚልዮንን 300 ሽሕን ናቕፋ ልቓሕ ከምእተዋህበ፡ ካብኡ ድማ 19.7 ሚእታዊት ጥሪቱ ተመላሲ ከምዝኾነ ተገሊጹ።



ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ሓበሬታን ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣባላት ኑብሶም ንክኽእሉን ግቡእ ኣተኣላልያን ክሕብሩን ንክረኽቡን ዘተባብዕ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ እቲ ዕማም ቀጻሊ ስለዝኾነ፡ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ጸዊዑ።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኣብ መወዳእታ፡ ብ19 ሕዳር 2022 ብማስዋእቲ ንዝተፈለየ ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላን ኩናት ንዝነበረ መምህር



ገብረብርሃን ኢያሱ ዝትክእ ንምምራጽ ኣብ ዘካየድዎ ምርጫ፡ ብመሰረት ቅዋም ማሕበር - ኣቶ ፍስሃየ ተስፋሚካኤል ብምሉእ ድምጺ ተመሪጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣበርክቶ መሻርኽቲ ምዕባይ፡ ሓይሰቲ ኣባላት ንምውዳብ ጎስጓስ ምኪያድ፡ ምወላ ዝረኸቡ ፕሮጀክትታት ምትግባር፡ ማሕበር ብቑጠባ ኑብሱ ንክኽእል ዝሕግዝ ንጥፈታት ምኪያድ፡ ከምኡ'ውን ንኡስ ጨናፍርን ጉጅለታትን ሰንኩላን ምሕያልን ኣበርክቶኦን ምዕዛዝን ካብ ቀንዲ መደባት 2025 ከምዝኾኑ ተገሊጹ።

## ማእከል - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ ንምዕዛዝ ጐስጓስ ይሰላሰል

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ መጀመርያ ወርሒ መጋቢት 2025 ንዝካየድ መስርሕ ምርጫ ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣዳበርቲ ዓድን ጎስጓስ የካይዱ ኣለዉ።

ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኣይ ተወልደብርሃን ብዛዕባ'ቲ ምርጫ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝርከባ 83 ምምሕዳራት ከባብን 89 ዓድታትን ከምዝካየድ ብምጥቃስ፡ ብመሰረት ወጺኡ ዘሎ ቅጥዕታት፡ ዕድመ መረጽቲ ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ፣ ተመረጽቲ ድማ ሃገራዊ ግቡኦም ዝፈጸሙን ዕድመኦም ካብ 25 ዓመት ንላዕሊን ክኾኑ ከምዝተዋህበ ገሊጹ።

መስርሕ ምርጫ ዕውት ንክኸውን፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዘድሊ መሳለጢታት ከምዝቐረበ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኣይ፡ ነበርቲ ብትግሃትን ቅንዕናን ከመሓድርዎም ዝኽእሉ ኣለልዮም ክመርጹ፣ ተመረጽቲ ድማ ንርእሶም ዝተሰከምዎ ሓላፍነት ተገንዚቦም፡ ብግቡእን ብብቕዓትን ክሰርሑ ትጽቢት ከምዝግበር ኣብሪሁ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንኣመሓደርቲ ከባቢ ተመረጽቲ ከገልግሉ ካብ ዝጸንሑ እቶን 33 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ምንባረን ብምጥቃስ፡ ኣብዚ ሕጂ ዝካየድ ምርጫ'ውን ሕቶ ጾታዊ ምዕሩይነት ኣብ ግምት ክኣቱ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ዘርኣይ፡ ዕድመ ስልጣን ኣመሓደርቲ ከባቢ ብተኸታታሊ ን3 ኻይ 3 ዓመት ብድምር ን9 ዓመት ከገልግሉ ከምዝኽእሉ፡ ካብኡ ንላዕሊ ግና ሕጋጋትን መምርሒታትን ከምዘይፍቅድ ብምንጻር፡ ህዝቢ ኣብ ምርጫ ትኩር ክኸውን ኣተሓሳሰበ።



## ሻምብቆ - ሕርሻ ዓተር፡ ውጽኢታዊ ምኻኑ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ - ኣብ ጕምጕም ጋሽ ዝካየድ ወቕታዊ ሕርሻ ዓተር ውጽኢታዊ ምኻኑ፡ ሓረስቶትን ሰብ ሞያ ሕርሻን ገሊጾም።

ንኣቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ከባቢ ንሕርሻ ዓተር ምቹእ ምኻኑ ብፈተነን መጽናዕትን ከምእተረጋገጸ ብምጥቃስ፡ ካብ ወርሒ መስከረም ክሳብ ወርሒ ለካቲት ብዘፍጥር ጠሊ ዝለምዕ ሕርሻ ዓተር ብርክት ምህርቲ ስለዝሕፍሱ፡ ቀጻሪ ኣልማዕትን ሰፋሓት ዝለምዕ



መሬትን ከምዝወሰኸ ኣረዲኦም።

ክኢላ ልምዓት ብቝሊ ኣቶ ኣስመላሽ ብርሃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ክረምቲ 2024 መስኖኣዊ ልምዓት ካብ ዝተኻየደሉ 1,100 ሄክታር እቲ 120 ሄክታር ዓተር ከምእተዘርኣን ኣብ ደረጃ ምሽዋትን ምንቃጽን በጺሑ ከምዘሎን ኣፍሊጡ።

ተጸዋዒ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ቢንያም ፍስሃ ብወገኑ፡ ካብ መስከረም ክሳብ ለካቲት መብዝሕትኦም ሓረስቶት ኣብ ሕርሻ ዓተር ስለዘድህቡ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ብኣሉታ ይጽሎ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣልማዕቲ ኣብ ክልቲኡ ብማዕረ ክሃጥፉ ኣተሓሳሰበ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ክሳብ ወርሒ ለካቲት ዘሎ እዋን ንልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ምቹእ ስለዘይኮነ ኣብ ዓተር ከምዝተኮሩ ብምጥቃስ፡ ሕርሻ ዓተር ትሕዝቶ ሓመድ ኣብ ምህብታምን ቁጠባዊ ዓቕሚ ሓረስቶት ኣብ ምዕባይን ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ መመሊሱ ደሰፍሐ ከምዝሎ ኣረዲኦም።

ኣብ ጕምጕም ሩባ ጋሽ ዝካየድ ወቕታዊ ሕርሻ ዓተር፡ ካብ ሄክታር ካብ 30 ክሳብ 40 ኩንታል ክሕፈስ ዝኽእል ውጽኢታዊ ምኻኑ'ዩ ዝገለጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ - ትሑት ነዝዒ ጽኪ. ጉዕሩዕቲ

ጉዕጉዕቲ ኣብ ቅድሚ ጉርጉማ ተቐሚጣ እትቕብ፡ ከም ጸምብላሊዕ ቅርጺ ዘለዋ ንእሽቶ ጸኪ. ክሳድ ኢያ። ኣካላትና ዝቕልዩ ንጥፈታት ንምቍጻርን ጸዓት ንምፍጣርን ዝሕግዝ ሆርሞን ተንዝዕ።

ብኸመይ ልቢ. ህርመታ ተኻይድ? ብኸመይ ስርዓት ምሕቓቕ መግቢ. ይካየድ? ንዙበሉ ኣገደስቲ ንጥፈታት ኣካላትና፡ መሰረታዊ መልሲ. ኣብ ነዝዒ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ዝምርኮስ እዩ። ብዘይ ቅንዑን መጠኑ ዝሓለወን ነዝዒ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ፡ ኣካላትና እቲ ንብር ንጥፈታቱ ከሰናውን ኣይክእልን እዩ።

ትሑት ነዝዒ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ (hypothyroidism) እዩ ዝበሃል። እታ ጸኪ. ትሑት ዝዋቐኑ ሆርሞን ከተንዝዕ እንከላ ዝፍጠር ጸገም ጥዕና እዩ። ‘ዝይንጡፍ ታይሮዲዝም’ ተባሂሉ’ውን ይጽዋዕ እዩ። ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ልዕሊ. 60 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት እዩ ዝርአ። ብመንጽር ጾታ፡ ካብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብዝበዝሐ. ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ይዝየድ። ምልክታቱ ቀልጢፉ ኣይንጸርን እዩ፡ ድሕሪ ተደጋጋሚ መርመራ ደም እዩ ክልለ ዝኽእል።

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ከም ደረጃኡ ዝፈላለ ኮይኑ፡ እቲ ሕማም ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ እንከሎ ቀልጢፍካ ምስ እተለልየ፡ ኣብ ክልኒካት ብዘውሃብ ሕክምናዊ ፍወሳን ክንክንን ክመሓየሽ ይኽእል እዩ። እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኣብ ዝበኣሰ ደረጃኡ ምስ ዝርከብ ግና፡ ኑቲ ትሑት ሆርሞን፡ ብኻልእ ሰብ ሰርሖ ሆርሞን እናተኻእካ ንምዝኣኡ ክፍወስ ይከኣል እዩ። ኣርተፊሻል ሆርሞን ኑቲ ኣካላትና ከፍርዮ ዘይክእል ሆርሞን ብምትካእ፡ እቲ ንብር ንጥፈታቱ ከም ዝካየድ ይገብር።

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ብመንጽር. ‘ሃይፐርታይሮዲዝም’

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ከምኡ’ውን ‘ሃይፐርታይሮዲዝም’ ኣንጻራዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎም። ‘ሃይፐርታይሮዶዝም’ (hyperthyroidism)፡ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ካብ ዓቐን ንላዕሊ. ሆርሞን ስለ እተንዝዕ ‘ልዕሊ. ንብር ንጡፍ ታይሮዲዝም’ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ኣብ ኣካላትና ልዑል ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ምስ ዝፈሩ፡ ከም ህርመት ልቢ. ዝኣመሰሉ ገለ ንጥፈታት ሰብነትና ካብ ንብር ክቐልጥፉ ይረኣዩ። ከም ድኻመት ኣብ ድቃስን ምጉዳል ክብደት ሰብነትን ዝኣመሰሉ ዘይንቡር ተርእዮታት ኣብ ኣካላትና ክንዕዘበውን ንጅምር።

‘ሃይፐርታይሮዲዝም’ ምስ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ብንጽጽር ብዙሕ ልሙድ ሕማም ኣይኮነን። ከም ‘ሃይፖታይሮዲዝም’፡ ‘ሃይፐርታይሮርዝም’ ካብ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ. 60 ዓመት ዝዕድሚኦምን ሰባት ይርአ።

‘ሃይፐርታይሮዲዝም’ ንምፍዋስ መብጣሕቲ ወይ ናይ ጸርጊ. (ራዲዮ) ፍወሳ ክግበር ይከኣል እዩ።

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ክሳብ ክንደይ ልሙድ እዩ?


‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ልሙድ ሕማም ኮይኑ፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ፡ ኣብ 5 ሚእትዊት ካብቶም ኣብ 12 ዓመትን ልዕሊኡን ዕድመ ዝርከቡ ህዝባት ይርአ። 1 ካብ 8 ደቂ ኣንስትዮ ድማ በዚ. ጥዕናዊ ጸገም’ዚ. ይሳቐያ።

ምልክታት ‘ሃይፖታይሮዲዝም’

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ኣብ ኣካላትና ዝፈጥሮ ጽልዋ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ስለ ዝፈላለ፡ ቀልጢፍካ ከተለልዮ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ዝዝየድ ምልክታት’ውን ብኸብደትን ግዜን ናይቲ ጥዕናዊ ጸገም ይጽሎ እዩ።

ክብደት ምውሳኽን ምስልካይን ካብቶም ቀልጢፎም ዝዝየዱ ምልክታት እዮም። እዞም ምልክታት እዚኦም ምስ ዕድመ ምውሳኽ ዝያዳ ጎሊሖም ዝረኣዩ ምልክታት ብምዃኖም ኣብ ሓያሎ ሰባት ምድንጋራት ይፈጥሩ እዮም። ከም ሳዕቤኑ፡ መብዛሕትኦም ሰባት እቲ ሕማም ተወሳኺ. ምልክታት ክሳብ ዘርእዩ ኣየለልይዎን እዮም።

ምድራቕ፡ ምፍሕሻውን ምጭምዳድን ቆርበት ከምኡ’ውን ምስባር ጸፍሪ




ኣጸብዕቲ ካብቶም ሰዒቦም ዝረኣዩ ምልክታት እዮም።

ብሓፈሻኡ እቶም ልሙዳት ምልክታት ‘ሃይፖትይሮዲዝም’፦

- ድኻም፡
- ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡
- ቃዝኖት፡
- ዕንጫሪ፡
- ቁራቁሪ ምባል፡
- ትሑት ህርመት ልቢ፡
- ምውሳኽ ኮሌስትሮል ኣብ ደም፡
- ምድራቕ ቆርበት ሰብነት፡
- ንቑጽን ስሑውን ጸጉሪ ርእሲ፡
- ምድኻም ዝኽረት ኣእምሮ፡
- ምድኻምን ምድራቕን ጭዋዳ፡
- ቃንዛን ምድራቕን መላግቦ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

መብዛሕትኦም እዞም ምልክታት ምስ ዕድመ ምድፋእ ዝረኣዩ ምልክታት ብምዃኖም፡ ልዕሊ. 60 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ነዞም ምልክታት ምስ ዘለልዩ፡ ብሰንኪ. ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ዝመጹ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ ግቡእ መርመራ ክገብሩ እዩ ዝምከር።

ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት፡ እቶም ምልክታት ቀስ ብቐስ እናማዕበሉ እዮም’ውን ዝመጹ።

ምልክታት ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ኣብ ኣቦጽሕ

ከም ተወሳኺ. እዞም ዝተጠቕሱ ምልክታት፡ መጸናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮ ኣቦጽሕ፡ ጸገም ምቕናዕ መትሎ (erectile dysfunction) የጋጥሞም እዩ።

ኣብ ጎራዙ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ተወሳኺ. ምልክታት፦

- ጸገም ፍርያምነት፡
- ዘይንቡር ወርሓዊ ጽግያት፡
- ከም ምስሓው ደም ዝኣመሰለ ጸገም ኣብ ግዜ ጥንሲ፡

‘ሃይፖታይሮዲዝም’፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ’ውን ክምዕበል ይኽእል እዩ። እቲ ምልክታቱ ድማ ምስቲ ካልእ ተመሳሳሊ. እዩ።

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ኣብ ህጻናት

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ኣብ ህጻናት ብትሑት ቁጽሪ እዩ ዝርአ። እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኣብ ዕበየትን ገርዘውናን ናይቲ ግዳይ ዝኸፋ ህጻን ከቢድ ጽልዋ እዩ ዘሕድር።

ትሑት ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ሃልዮም ዝምውለዱ ዕሸላት’ውን ኣለዉ። እቲ ጸገም መፈጠራዊ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ (congenital hypothyroidism) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ምልክታቱ፦

- ልዕሊ. ንብር ሰዓታት ድቃስ፡
- መንፋሕቲ ከስዐ፡
- ጸገም ኣብ ምጥባው፡
- እቲ ጸገም ብኣግኡ ምስ ዘይፍወስ ድማ ብግቡእ ኣካላዊ ዕበየት ዘይምርኣይ የጠቓልል።

ኣብ ገለ ኢጋጥሚታት ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ዘለዎም ህጻናት ዝኾነ ምልክታት ኣየርእዩ እዮም።

ከቢድ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ዘርእዮ ምልክታት

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ብኣግኡ ምስ ዘይፍወስ፡ ህይወት ዝፈታትን ጥዕናዊ ጸገም እዩ ዝኸውን።

- ምሕባጥ ገጽ፡
- ሕጽረት እትንፋስ፡
- ምልሒታት ደምጺ፡
- ምስሓው ደም (ኣነሚያ)፡
- ናይ ምስማዕ ጸገም ዝኣመሰሉ ምልክታት የርኢ።

እቲ ጸገም ክሳብ ወሃኻ ምስሓት’ውን ይበጽሕ እዩ።

ጠንቂ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’

ጸኪ. ጉዕጉዕቲ እኹል ሆርሞን ክተፍሪ ምስ ዘይትኽእል እዩ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ክኽሰት ዝኽእል። እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ከስዕቡ ዝኽእሉ እዮም

እቲ ልሙድ ጠንቂ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ኣካላትና ብጌጋ ሕማም ናይ ምክልኻል ስርዓት ምስ ዝካየድ እዩ። እዚ. ዓይነት ጸገም እዚ፡ ሕማም ‘ሃሺሞቶስ’ (Hashimoto’s disease) ተባሂሉ ይግለጽ። ኣብ ከምዚ. ኩነት ኣብ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ምቕጻልን ነድርን ክፍጠር ንብር ይኸውን። ምኽንያቱ ሰብነትና ብጌጋ ዝፈጥሮ ነዝዒ. ጸረ-ጋና ኣካል (antibodies)



ንጸኪ. ጉዕጉዕቲ ስለ ዘጥቅዓ እዩ።

ካልኦት ጠንቕታት

ብፍላይ ኣብ ከባቢ. ክሳድ ዝግበር ናይ ጸርጊ. ፍወሳ፦ ኣብ ከባቢ. ክሳድ ዝምዕበል ናይ መንሽሮ ጥረ ንምፍዋስ ተባሂሉ ዝግበር ናይ ጸርጊ. ፍወሳ (Radiation therapy) ኣብ ዋህዮታት ጉዕጉዕቲ ዕንወት ይፈጥር እዩ። በዚ. ድማ እታ ጸኪ. እኹል ሆርሞን ከተፍሪ ኣይትኽእልን።

መብጣሕቲ ኣብ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ፦ ኑታ ጸኪ. ንምእላይ ወይ ንምፍዋስ ተባሂሉ ዝካየድ መጥባሕቲ፡ ጠንቂ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ኮይኑ ይግለጽ እዩ።

ዋሕዲ ኣዮዲን፦ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ሆርሞን ከተፍሪ እንተኾይና ናይ ግድን ኣዮዲን የድልያ። ኣካላትና ባዕሉ ኣዮዲን ኣይምስርሕን እዩ። ስለዚ. ኣካላትና ዘድልዮ እኹል ኣዮዲን ክንምገብ ኣለና። ሓደ ካብኡ ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨው ምጥቃም እዩ። ተወሳኺ. ዓሳታትን ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም መግብታትን ምምንጋብ የድሊ።

ነፍሱጾር ምዃን፦ እቲ ጠንቂ እንታይ ምዃኑ’ኳ ንጹር እንተዘይኮነ፡ ደቂ ኣንስትዮ ጥንሲ. ምስ ዝሕዛ ኣብ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ናይ ምቕጻልን ነድርን ጠባይ ይርአ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ክሳብ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ድሕሪ ሕርሲ. ዝጸንሕ ኣብታ ጓለንስተይቲ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ይርአ።

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ዝፈጥሮ ሓልክታት

- ሕማም ልቢ፡
- ጉሪንጉሪት፡
- መጉዳእቲ መትኒ፡
- ምሽምቓቕ ጭዋዳ፡
- ጸገም ኩሊት፡
- ሰእኑት ድቃስ፡
- ቃዝኖትን ፍርሕን ዝኣመሰሉ ጸገማት ኣእምሮ፡
- ብሰንኪ. ቃንዛ መላግቦ ዝፍጠር ጸገም ምንቅስቓስን ምስሓት ሚዛን ሰብነትን፡
- ልዑል መጠን ኮሌትሮል፡
- መኻንነት ወዘተ።

ኣመጋግባ ንምፍዋስ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’

‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ንምፍዋስ ኣብ ኣመጋግባ ዝወሃብ ምኽሪ’ኳ እንተዘየሎ፡ ገለ መግብታት ግቡእ ኣድህቦ ክትገብረሎም ይግባእ እዩ።

ዝተመጣጠነ መግቢ. ምምጋብ

ጸኪ. ጉዕጉዕቲ ብግቡእ ስርሓ ክተካይዶ እንተኾይና፡ እኹል ኣዮዲን ክትረክብ ኣለዋ።

እኹል ኣዮዲን ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት፦

- ኣዮዲን ዘለዎ ጨው ምጥቃም፡
- ጸባን ውጽኢት ጸባን ምምጋብ፡
- እንቋቝሖ ምዝውታር፡
- መግብታት ባሕሪ ምዝውታር፡

ብሓፈሻኡ ኣገላልጻ ዝተመጣጠነ መግቢ. ምምጋብ ኣካላትካ ብፍላይ ድማ ጸኪ. ጉዕጉዕቲ እኹል ኣዮዲን ክትረክብ ዝገብር እዩ።

ካብ ሶያ (soy)፡ ኣብ ቻይና ዝዘውተር ዓይነት ፋጆሊ. እዩ፡ ዝተዳለዉ. መግብታት ወይ ጸብ ካብ ምውሳድ ድማ ምቍጣብ።

ኣብ ትወስዶ ጽሕጊ. ግቡእ ቆላሕታ ምግባር

ጽሕጊ. ኣብ ኣካላትና ዝሀቦ ጥቕሚ ልዑል እኳ እንተኾነ፡ ጉዕጉዕቲ ንእተንዝዖ ሆርሞን መጽዩ ናይ ምትራፍ ባህሪ ስለ ዘለዎ፡ ኣካላትና ብዘድሊ. ክረኽቦ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ብፍላይ ‘ሃይፖታይሮዲዝም’ ፍወሳ ኣብ እንክታተሉሉ እዋን፡ ኑቲ መድሃኒት ቅድሚ ምውሳድና ጽሕጊ. ዘለዎም መግብታት ክንወስድ የብልናን።

ምንጪ፦ health line

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ.

hypo1

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሰናይ ምንዮት ምስ ሓድሽ ዓመት - ድሕሪ ኣዋርሕከ?

## ሰብ ዘለዎ እዩ ዝህብ። እቲ ዝሃቦ ክምለሶ ኸኣ እቲ ተኽእሎ ዓቢ እዩ!

ኢንጂ. መዓሾ ተወልደ

ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት፡ ምስ ምውዳእ ዝሓለፈት ዓመትን ምጅማር እትቕጽል ዓመትን ተኣሳሲሩ ብዙሕ ንጥፈታት እዩ ዝካየድ። ብዙሓት ትካላት፡ ማሕበራት፡ ውድባትን ውልቀሰባትን ናይ ዝሓለፈት ዓመት ገምጋም ስራሕ ብምግባር ናይ ትቕጽል ዓመት ውጥናት ዘጽድቕሉ እዩ። ነታ ዝሓለፈት ዓመት ንምፍናው ነታ ትቕጽል ሓዳስ ዓመት ከኣ ንምቕባል ብዙሕ ናይ ደስደስ ድግሳት ይግበር። ናይ ስድራቤታትን ፈተውትን ምትእኽኻባት፡ ናብ ዘሐጉስ ቦታታት ምብጻሕ ብሓፈሽኡ ከሐጉስ ዝኽእል ተግባራት ይካየድ። ኣብ ብዙሓት ሃገራትን ሕብረተሰባትን ኣብ ባህልን ልምድን እምነትን ዝተመርኮሰ ፍልልያት ይሃሉ እምበር፡ እቲ ዕላምኡ ሓደ እዩ። ዝሓሸትን ዝበለጸትን ዓመት ክትከውን ምውጣንን ምምናይን ምምጽባዕን እዩ። ብፍላይ መንእሰያት ተረኪብቲ ጽባሕ ስለዝኾኑ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ብዙሕ መደባት ይሕንጽጹ፡ ይምነዩን ይመባጽዑን።

ሓደ ካብቲ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ዝግበር ብዙሕ ንጥፈታት ናይ ሰናይ ምንዮት ጽሑፋትን ህያባትን ምልውዋጥ እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ኣብ ውልቀሰባትን ስድራቤታትን ዝግበር ይኹን እምበር ኣብ መንጎ ትካላትን ሃገራትን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ትካላትን ዓማዊልን ይግበር እዩ። ፍቕራውን ሕውነታውን ዘንቀሎ ጥበብ ዝተሓወሶ ልቢ ዝትንክፍ ጽሑፋትን ህያባትን ክበጽሓካ ኣዝዩ ጽቡቕ ነገር እዩ። ዘለካ ተስፋ ብምብራኽ ኣብ ውሽጥኻ ውዕዉዕ ስምዒት ብምፍጣር ዝበለጸ ውጥን ኣብ ምድላው ደራኺ እዩ። ንትቕጽል ዓመት እወታዊ ብምኳን ወጢንካ ምጅማር ከኣ ኣብ ህይወት የዐውት፣ ኣብ መዓልታዊ ናብራ የቕስን እዩ።

ንሓዳስ ዓመት ብሓጐስን ተስፋን ምቕባል ንባዕሉ ጽቡቕ ነገር እዩ። እቶም ዝመጽኡኻ ጽሑፋትን ህያባትን ከኣ ዝያዳ ክትሕጐስን ክትትስፎን ይሕግዙ። ብፍላይ ኣብ መገዲ ዕብየትን ኣብ ዕላማን ንዘሎ ሰብ ወይ ትካል ነዳዲ እዮም ዝውስኹ። ንሓደ ሰብ፡ ነቲ ዝጓዓዞ ዕላማ ክሰልጦ ልባውን መንፈሳውን ደገፍ ክርከብ እንከሎ ክሳብ ክንደይ ካብ ሓሰዳ የድሕን ንምግማቱ ዘሸግር ኣይኮነን። ሞራላዊ ደገፍ ከም ነገራዊ ደገፍ ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎ። ንኣብነት፡ "ኣብ ዕላማኻ ዓወት፡ ኣብ ህይወትካ ፍቕርን ጥዕናን፡ ኣብ ሕብረተሰብካ ሰላምን ራህዋን፡ ንሃገርካ ምዕባለን ክብረትን፡ ኣብ ኣከባቢኻ ውህደትን ምትሕግጋዝን፡ ኣብ ዓለምና ስኒትን ርግኣትን ይኹነልካ፡" ዝብል ዝተወቓቐበ ናይ ሰናይ ምንዮት ጽሑፍ ክበጽሓካ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ዓቢ ደራኺ ሓይሊ እዩ ዝውስኽ። ኣይኮነን ዝፈተኖ ዘይፈተኖ'ውን ንምርድኡ ኣይጽገምን።

መን እዩ ግን ሰናይ ምንዮት ሰዲዱ ዝኽእሎ? ዋላ ነቲ ብዝቐለለ ክኸይድ ዝኽእል ናይ ሰናይ ምንዮት ነገር ዘይገብሮ ሰብ ወይ ትካል ኣሎ። ንኣብነት፡ ብሞባይል ዝለኣኽ ሓጺር ናይ ሰናይ ምንዮት ጽሑፍ ክንደይ የተግብርዎ ይኾኑ? ናብ ክንደይ ሰብከ ይሰዱ? እቲ ዝቐለለ መንገዲ ክግመት እንተ ተኻኢሉ ነቲ ዝኸበደ ምግማቱ ኣየሸግርን እዩ። "የቐንየለይ! ተመስገን! ኣሜን! ይቕረታ! እንቋዕ ሓጐሰካ! ወዘተ" ምባል ሓጺር ይመስል። ካብ መዓሙቕ ልቢ ስለ ዝብገስ ግን ብቐሊሉ ኣይበሃልን እዩ። ንብዙሕ ሰብ ይኸብዶ። ሰናይ ምንዮት ምስዳድ ወይ ምግላጽ'ውን ከምኡ እዩ። ቀሊል ኣይኮነን። መን ደኣ ይኽእሎ እንተ በልና፡ ሓያላትን ቅኑዓትን ፈቃራትን ትስፍዋትን እዮም ዝኽእልዎ። ድኹማትን ተስፋ-ቖረጻትን ኣይክእልዎን እዮም። ንይምሰል ዝብልዎ ኣምሰሉታት ከኣ ኣይሰኣኑን። እቲ ጽቡቕ ነገር ተመንዩን ሂቡን ዝኽእል ተቐቢሉ ኸኣ ይኽእል። ንዘወሃበካ ጽቡቕ ነገር ምቕባል'ውን ክእለትን ብቕዓትን የድልዮ ስለዝኾነ። "ሰኣን ኣሜን ትሓልፍ ምርቓ፡" ዝበሃል ንስለምባል ኣይኮነን፣ ዓሚቝ ትርጉም ኣለዎ። እቲ ሰናይ ምንዮት ናብ ልብኻ ክኣቱ ማዕጾ እንተ ኣርሒኻሉ እዩ ብልክዕ ዝሰርሕ።

ሰብ ዘለዎ እዩ ዝህብ። እቲ ዝሃቦ ክምለሶ ኸኣ እቲ ተኽእሎ ዓቢ እዩ። ፍቕሪ ዘሎዎ ፍቕሪ ይህብ ብርሃን ዝሓዘ ብርሃን ይህብ። ተስፋ ዘለዎ ተስፋ ይህብ። ኣብነት ንምጥቃስ እምበር እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ። ሰናይ ነገር ዘለዎ ከኣ ሰናይ ምንዮቱ ንኻልኦት ክህብ ይከኣሎ። ንመጻኢ እወታዊ ኣተሓሳስባ ሒዝካ ክትጓዓዝ ንምድራኽ እዩ። ሰናይ ምንዮት ግና ዕላማ ክኸውን ኣይክእልን። ትምኒት፡ ጸጋታትን ናይ ግዜ ሰሌዳን ዝሓዘ ውጥን ስለዘይብሉ። ሰናይ ምንዮት ንዕላማ ዘለዎ'ሞ ነቲ ዕላምኡ ዘተግብረሉ ውጥን ሒዙ ንዝጉዓዝ ዝያዳ ይሰርሓሉ። ብዘይ ዕላማን ውጥንን ብሃውሪ ንዝጉዓዝ ሰብ ግና ካብ ናይ መዓልታት ደስደስ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ኣብ ዝሓዞ ዕላማ ንኽዕወት ዝቃለስ ሰብ ዓወት ክትምነየሉ እንከለኻ፡ እቲ ሰናይ ምንዮት ብልክዕ ይሰርሕ።

ሰናይ ምንዮታት ካብ ዝተቐበልናሉ ግዜ ንደሓር ክንደይ ንልወጥ ኣለና? ወርሒ ክልተ ወርሒ እናበልና ኣዋርሕ ክንውስኽ እንከለናኽ ካብ መቕርብናንን ፈተውትናን ደለይቲ ጽቡቕናን ዝበጽሓና ሰናይ ምንዮት ኣብ ነብስና ይሰርሓልና ወይ ኣይሰርሓልናን ክንፈልጥ ዘጸግም ኣይኮነን። ብዙሕ ናይ ዓወት ሰናይ ምንዮት ስለዝበጽሓና ኣይንዕወትን። ነቲ ክንዕወተሉ ዝወጠናዮ ነገር ንጽዕረሉ እንተ ሃሊና ግና ድፍኢት ይኾነና። መንገድና የሕጽረልና እዩ። እቲ ሰናይ ምንዮት ዝህብ'ውን ዓመት መጽኣ ክህብ እንከሎ ክወሃብ እንከሎ ሓቅነትን ልክዕነትን ዝሰምያ ዕብየት እንተ'ሎ እዩ። ሰናይ ምንዮት ዝሃበ እቲ ሰናይ ምንዮቱ ብግብሪ ከጋጥም ይደልዮ እዩ። ግና ናይ ዝደለኻ ኣይኮነን ናይ ሓያል ተግባሪ ኣካል ምህላው እዩ። ተግባር ቀንዲ መሰረት ዓወት ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን።

ሓዳስ ዓመት ብደስደስን ሰናይ ምንዮትን ክንቅበላ እንከለና፡ እታ ዓመት ኣብ መዓልታት፡ ሰሙናትን ኣዋርሕን ተዘርጊሓ ክትረኣየና ይግበእ። ግዜ እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ ብዝወጠናዮ ቅልጣፈ መኣዝና ከይስሓትና ንኸይድ ከም ዘለና ከነረጋግጽ ግድን እዩ። እታ ትቕጽል ሓዳስ ዓመት ደበኽ ክትብል እያ። "እሞ መብጽዓና ኣተጊቢርናዶ?" ወይ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዝወሰድ ዕላማ እንተ ኾይኑ ኸኣ "ኣብ መብጽዓናዶ ጸኒዕና ንኸይድ ኣለና?" ዝብል ሕቶ ግድን ከዋጥረና እዩ። እቲ ዘዋጥር ደላዪ ዓወት እዩ። መብጽዓ ንኻልእ ሰብ ጥራይ ኣይኮነን ዝእቶ ንገዛእ ነብስና እንከላይ መብጽዓ ንኣቱ ኢና። ንሱ'ኳ ይኸብድ። ብተዛማዲ ኸኣ ናይ ሕልና ሕቶ ከቢድ እዩ መህደሚ ስለ ዘይርከቦ። ተሓጒስካ ኣብ ደስደስ ትምድቦን ትመባጽዮን መብዛሕትኡ ግዜ ዓቢ እዩ። ብእኡ መጠን ከኣ ኣብ ምትግባሩ ልዑል ሓይልን ጽንዓትን ቀጻልነትን ይሓትት። መንእሰይ እቲ ዝዓበየ ጸጋኡ ዝለዓለ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ምውናኑ እዩ። እዚ ጸጋዚ ኸኣ ኣብ ሓድሽ ዓመት ንዝተገብሩ ሰናይ ምንዮታትን ውጥናትን መብጽዓታትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልትን ወርሕን ብተለካዒ መንገዲ ኣብ ምትግባር ክጥቀመሉ እንከሎ ይዕወት። ነዚ ብሰናይ ምንዮት ጥራይ ዝመጽእ ጽቡቕ ነገር ከም ዘየለ ዝኣምኑ እዮም ዝኽእልዎ።



ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

## እንታይነትካ ልዕሊ ልሳንካ

ሱራፌል ተ.

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናቫዳ፡ ናብቲ ዝምህረሉ ክፍሊ ኣተኹ። ናይ ሰዓት 8:00 ቅ.ቐ. ክላሰይ ቅድሚ ምጅማረይ፡ ቀዳመ-ሰንበት ከመይ ከም ዝሓለፈ ተፈሲሀ ንተመሃሮይ ሓተትኩዎም። ሓደ መንእሰይ ቀዳመ-ሰንበት ጽቡቕ ከም ዘየሕለፎ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ስለምንታይ ኢኻ ኵሉ ሳዕ ፍሱህ ኴንካ ትስመዓኒ?" ክብል ሓተተኒ። እዛ ሕቶ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ገለ ዘንበብኩዋ ኣዘከረኒ፣ "ወትሩ ንግሆ ምስ ተንሳእካ፡ ነታ ናይታ መዓልቲ ህይወት ብኸመይ ብልሓት ትቐርባ ክትመርጽ ዕድል ኣሎ፡" ኸኣ በልኩዎ። "ኣነ ንግሆ ንግሆ ፍሱህ ክኸውን'የ ዝመርጽ። ሓደ ኣብነት ክህበካ፡" ዝረባይ ቀጸልኩ።

ዝተረፉ ሱሳ ተመሃሮ ናይቲ ክፍሊ ዕላሎም ኣቋሪጾም ኣዳመጹና።

"ብዘይካ እዚ ኣብዚ ዝምህሮ፡ ኣብ ሀንደርሶን ዝርከብ ህዝባዊ ኮለጅ እውን እምህር እየ። ካብቲ ዝነብረሉ 25 ኪሎሜትሮ ይኸውን። ቅድሚ ገለ ሰሙናት ሓደ መዓልቲ ናብቲ ኮለጅ ከም ወትሩ ክምህር ብመኪናይ እኸይድ ነይረ። ካብቲ ቀንዲ ጽርግያ ምስ ተኣለኹ፡ ኣስታት 400 ሜትሮ ኬድካ ኢኻ ኣብታ ኮለጅ ትበጽሕ። በታ መላገሲት ጥውይ ምስ በልኩ ግን መኪናይ ምኻድ ኣብያትኒ። ደጋጊመ ከተስኣ እንተ ፈተንኩ ኣብያትኒ። ኣብቲ ዘላቶ ገዲፈ ናብታ ኮለጅ ብእግረይ ቀጺለ።

"ኣብቲ ኮለጅ ምስ ኣተኹ፡ ኣብ ናይ ርእሰ-መምህር ቤት ጽሕፈት ከይደ፡ ነቶም ዘዐርዩለይ ጋራጅ፡ መኪናይ ዘላቶ ቦታ ሓቢረ ከልዕሉዋ ነገርኩዎም።

'እንታይ ኣጋጢሙ፧' በለትኒ ጸሓፊት ርእሰ-መምህር።

'ዕድለኛ ምዃነይ ዝረኣኹላ መዓልቲ እያ፧' በልኩዋ ፍሽኽ እናበልኩ።

'መኪናኻ ተበላሽያስ ዕድለኛ ምዃንካ ዝረኣኻላ መዓልቲ ኰይና? 'ታይ ማለትካ ኢኻ?' ተገሪማ ሓተተትኒ።

'ኣብ መንጎ ገዛይን እዚ ኮለጅን 25 ኪሎሜትሮ ፍልልይ ኣሎ። ኣብዚ 25 ኪሎሜትሮ ኣብ ዝኾነ ርሕቀት መኪናይ ክትበላሾ ትኽእል ነይራ። ግን 400 ሜትሮ ምስ ተረፈኒ፡ ብእግረይ ተጓዒዘ ኣብ ክበጽሖ ዝኽእል ርሕቀይ'ያ ተበላሽያ። ተመሃሮይ ክምህር ክኽእል'የ። መኪናይ ዘዐርዩ ሰባት ምሂረ ምስ ወዳእኹ ወዲኦም ክቐርብለይ እዮም። መኪናይ ሎሚ ክትበላሾ ግድን እንተ ነይሩ፡ ኣብ ዝጥዕመኒ ቦታን ግዜን እያ ተበላሽያ፡' በልኩዋ። እታ ጸሓፊት ቅድም ዓይና ኣፍጢጣ፣ ድሓር ፍሽኽ ኢላትኒ። ኣነ'ውን ዓጸፋ መለስኩ፡" ብምባል ዛንታይ ዛዘምኩሎም።

ነቶም 60 ተመሃሮ ብዓይነይ ኰለልኩዎም። ቀዳመይቲ ክፍለ-ግዜ ብምንባራ ከምቲ ካልእ ግዜ ዝተታኸሰ ተመሃራይ ኣይነበረን። ብገለ መገዲ ዛንታይ ተንኪፋዎም ይኸውን፣ ምናልባት'ውን ካብ ዛንታይ ወጻኢ ካልእ ምኽንያት ይነብር። እንተወሓደ ግን ነቲ ኾሉ ዘሎኒ ጽቡቕ እናኣድሃብኩ ዝፍስሆ ዘስተውዕለሉ ሰብ ብምህላው እቲ ዛንታ ተዓሊሉ ኣሎ። ከምቲ ሓደ ለባም ዝበሎ፡ "ካብ ልሳንካ ንላዕሊ እንታይነትካ የስምዕ እዩ።"

ደራሲ ሊ ርያን ሚለር -

ካብ "Teaching Amidst the Neon Palm Trees"

# ኣፍሪቃ፡ ግዳይ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን መዋቕራዊ መጻወድያ

(2ይ ክፋል)

የማን ያእቆብ
ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት

*ቱኒዝያዊ ፕሮፌሰር ፋደል ቃቡብ ምዕራባውያን ኣብ 50ታትን ድሕሪኡን ዝሃነጽዎ ቁጠባዊን ፖለቲካውን ምዝመዛእም ኣብ ኣፍሪቃ ዝቐጸለሉ መዋቕራዊ መጻወድያ፡ ክንብ ሕጂ ንህገራት ኣፍሪቃ ኣብ ታኼላ ደኒኑ ትን ዕዳን ሸሚሙ ካብ ምፅባስ ሓሊኹ ሒዝወን ከምዘሎ እዩ ዝገልጽ። ካብዚ መዋቕራዊ መጻወድያ ንምልቃቕ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለወን እንኮ ኣማራጺ ድማ ኣንጻር ርዱእ ተጻብኦታት ምዕራብ ሚቲትካ ዞባውን ኣህጉራውን ሕብረትን ሓባራዊ ዕዮን ምምስራት፣ ጥሙር ጂኦ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብምፍጣር ምዕሩይ መዛዘዪ ባይታ ምምጣእ ጥራይ ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ጽማቝ ትርጉም ናይቲ ፕሮፌሰር ፋደል ኣብ ኬንያ ምስ ዝመያበሩ ንጉጊ ሾው ዝገበሮ ሰፊሕ ቃለ መሕትት እዩ።*

***

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ፋደል ቃቡብ ምንጪ መጻወድያ ዕዳ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ ኣብ ሰለስተ መሰረታውያን ዓውድታት ከምዝኸፈል፡ ንሱ ድማ 1. ሕጽረት መግቢ 2. ሕጽረት ጸዓት 3. ሕጽረት ዋጋ ዝወሰኸ ትሕዝቶ ዘለዎ ስርዓተ-ሰንዓ (ቴክኖሎጂ) ምዃኑ ገሊጹ ንሕጽረት መግብን ጸዐትን ብሰፊሑ ኣብሪሁ ነይሩ። ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል ድማ ብዛዕባ ጸዓት ዝገልጾ ነቕርበልኩም።

መቐጸልታ መልሲ ፋደል ቃቡብ–

ሕጽረት ጸዓት፡ ልክዕ ከምቲ ዝኾነ ሕብረተሰብ ብዘይመግቢ ክሰርሕ ዘይክእል፡ ብዘይጸዓት'ውን ክሰርሖ ዝኽእል ድሩት እዩ። ሕጽረት ጸዓት እቲ ካልኣይ መዋቕራዊ መጻወድያ ኣፍሪቃ እዩ። ብዛዕባ መዋቕራዊ መጻወድያ ሕጽረት ጸዓት ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክዛረብ ከለኹ፡ ንናይጀርያን ኣንጎላን፡ እተን ዝዐበያ ነዳዲ ንሰደድ ዝልእካ ኣፍሪቃውያን ሃገራት ከይተረፈ ዝምልከት እዩ። ክልተአን ሃገራት፡ ምስተን ካልኦት ነዳዲ ዘይዕድና ሃገራት ኣፍሪቃ ብማዕረ ኣብቲ መዋቕራዊ መጻወድያ ሕጽረት ጸዓት ዝጠሓላ እየን። ሃገረ ናይጀርያ ንኣብነት፡ ክሳብ ቀረባ ውሑድ ኣዋርሕ፡ መጻረዪ ነዳዲ ዳንጎተ ክሳብ ዝተኸፍተሉ እዋን 100% ናይ ቤንዚን ጠለብ ካብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት እያ ትሽምት ነይራ። ናይጀርያ ናይ ጸዓት ድኻ እያ። ብተመሳሳሊ፡ ኣንጎላ 80% ናይ ነዳዲ ጠለብ ካብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ብምሻማት እያ ተእቱ።

ሕጽረት ጸዓት ኣብ ኣፍሪቃ ከም ማሓንቖ ምፅባስ ብወዘቢ ዝተፈጥረ ዘይተኣስ ኮነ ኢልካ ዝተሃንደሰ እዩ። ኣብዚ ንስለ ድሕነት ኣከባብን ንስለ ቁጠባዊ ምፅባለን ተባሂሉ ዝንሓፍ ዘሎ ዝበለየ ስርዓተ-ዕደና ጸዓት እንተርኢና እውን፡ ንሕና ኣፍሪቃውያን ኮነ ኢልካ ካብ ኣቕርቦት ነዳዲ ወጻኢ ንምድህሳስ፡ ንምዕናንን ንምጽራይን ዘድሊ ቴክኖሎጂ ተገሊልናን ተኸልኪልናን ኢና ዘለና። እዚ ቴክኖሎጂያዊ መዓይ ኩሉ ግዜ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንግድቲ ኮርፖረሽናት ሃገራት ምዕራብ ዝተሓዝአ እዩ። ኣብዚ ዓውዲ'ዚ፡ ምስዋጋር ቴክኖሎጂ ዝበዝሐ ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ። ስራሕ ዕደና ክትዓምም ኑቲ ቴክኖሎጂ እንተስ ዓዲግካ እንተስ ተኻሪኻ ካብተምጽእን ምዕራባውያን ሞያውያን እውን ክትቆጽር ትኽእል'ኻ እንተኾንካ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቴክኖሎጂ ግን ልኡላውነት ክህልወካ ፈጺሙ ዘይሕሰብ እዩ። ኣብዚ ናብ ተሓዳሲ ጸዓት እንሲግገረሉ ዘለና እዋን እውን እንተኾነ፡ ትሕተ-ቅርጺ ተሓዳሲ ጸዓት ንምፍራይን ንምውዳድን ዘኽእል ናይ ሰንዓ ቴክኖሎጂ ተኸሊእና ኢና ዘለና።




ሓደ ኣብነት ክህበኩም፡ ኣህጉራዊ ወከልቲ ተሓዳሲ ጸዓት ቀድሚ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ብዛዕባ ኣፍሪቃ ኣብ ዘውጸኦ ጸብጻቡ፡ በዚ ሎሚ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ቴክኖሎጂ (ናይ መጻኢ ምዕባለ ኣብ ግምት ከየእተኻ) ኣብ ተሓዳሲ ጸዓት፡ ኣፍሪቃ ኣብ 2040 ካብ ዘድልያ ጸዓት 1000 ዕጽፊ ከተፍርን ንኸሉ'ቲ ንነዳዲ ተባሂሉ ብሰደድ ዝለኣኽ ብምልኣት ክትትክኦን ትኽእል እያ። እዚ ክንሱ እቲ ሓቂ ግን፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዕላማታት ተሓዳሲ ጸዓት ብደረጃ ዓለም ንምውቃዕ ካብ ዘድሊ ፋይናንሳዊ ደገፍ ዛጊት ትሕቲ 2% ጥራይ እያ ረኺባ ዘላ። እዚ ከኣ ኮነ ኢልካ ትሕተ-ቅርጺ ተሓዳሲ ጸዓት ዘፍሪ ቴክኖሎጂ ከምዘይንረክበን ኣብ ከርሲ ኣህጉርና ዝርከብ ስትራተጂያዊ ማዕድናት ባዕልና ከይንጥቀመሉን ዝዓገት ዘሎ እዩ። ምኽንያቱ ኣህጉር ኣፍሪቃ ተሓዳሲ ጸዓት ተጠቒማ ዘለዋ ዕቑር ሃብቲ ማዕድን ብዘውሓደ ወጻኢታት መስርሓ ኣብ ረብሓኣ ከተውዕል ዘይትኽእል፡ ንሕገኻ ናብ ምዕራባዊ ዓለም ብሰደድ ክትልእኽን ብዘረኸቦዩ ገዝዑብ ፍርያት ምዕራባውያን ክትዕድግን እዩ እቲ ሓሳቡ። ዓለምና ኣብ ማእከል ኣስጋኢ ክሊማዊ ቅልውላው እናሃለወት፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዓቢ ዕቑር ሃብቲ ተሓዳሲ ጸዓት እናሃለወ፡ 1000 ዕጽፊ ናይ ዘድልየና ጸዓት ክፍርን ዝጸረያን ዝሓሰረን ጸዓት ናብ ዓለም ክንልእኽን ዘበቕዓና ትሕተ-ቅርጺ ተሓዳሲ ጸዓት ዘፍሪ ቴክኖሎጂ ምኽልካልና ንምንታይ ክኸውን ይኽእል ኢልካ ትሓስብ፤ ካብቲ ዝተጠቕሰ ወጻኢ ካልእ ምኽንያት የብሉን።

**•ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝኾነ ቴክኖሎጂ ክሰርሕ ዝኽእል ዋላ ሓደ የለን ዲኻ ትብል ዘለኻ? ስለምንታይ ኢና ኣብቲ ምዕራባዊ ዓለም ጽግዕተኛ ንኸውን?**

ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ኣለዉ እምበር። ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ኢንጂነራት፡ ቴክኒሻናትን ሞያውያንን ፈቖዶ ሃገራት ዓለም ተሰዲዶም ዝነብሩ ኣለዉና። ዝኾነ ቴክኖሎጂ'ዚ ንምውዳድ ግን ክልተ መገድታት እዮም ዘለዉ። ኣብ ምርምርን ምዕባለን ኣብ ቴክኒካዊ ጥበባት ወፍሪ ብምክያድ ካብ ባይታ ተበጊስካ ብቐዓትካ ክተነበ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ግን ግዜ ዝወስድ እዩ። ወይ ከኣ ብህጹጽ ናይ ህይወት-ኣድሕን ቴክኖሎጂ ክንረክብ ንኽእል ኢና። ህይወት ኣድሕን ንኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነ ንዓለምና ብምሉኣ። እዚ ከኣ ክርከብ ዝኽእል ክንሱ ኮነ ኢልካ ጅሆ ተታሒዙ ዘሎ እዩ። ስለምንታይ እዩ ግን ዓለምና ነዚ ናይ ህይወት-ኣድሕን ቴክኖሎጂ ከምዘይዘርጋሕ ዝዓብር ዘሎ? ብዛዕባ'ቲ ግዙፍ ዕቑር ተሓዳሲ ጸዓት'ሞ ሕሰቡ። 1000 ዕጽፊ ካብ ዘድልየና ንላዕሊ ምፍራይ ማለት ንኹለን እተን ነዳዲ ዘፍርያ ሃገራት ዓለም ዘለወን ቁጠባውን ጂኦፖለቲካውን ሚዛን ምንዋጽ ማለት እዩ። እዚ ከኣ እተን ሃገራት ፈጺመን ዘይደልያኦ ስለዝኾነ እቲ ቴክኖሎጂ ኣብና ከይዕብጽሕ ጽልዋአን ብ1000 ዕጽፊ እየን ዘራብሓአ። ብኣተሓሳስባ ኣፍሪቃውያን እዚ ዓቢ ዕቑር ሃብቲ ብደረጃ ዓለም ተሳዓሪ ዘይብሉ ኩልኻ ዕወት ኳንካ ትወጻሉ ዕድል ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝበን ዓበይቲ ሰብ ረብሓ ግን ንህሉው ዓለማዊ ደረጃታት ቁጠባ ዝዞርግን ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለወን ጽልዋ ዘድክሞን ክመሓየር፡ ኩዕቕቕን ክእለን ዘለዎ ሓደጋ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ'ዩ ኣብ ዋዕላታት ኣከባቢ ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ዓለም ንምፍጣር ካብ ቁጠባዊ መግዛእቲ ናጻ ዝኾነ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክፍጠር ኣለዎ ዝብል ክርክር እነልዕል።

**•ስለምንታይ እዩ ግን ኣብ ኣፍሪቃ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዛዕባ ክሊማዊ ለውጢ፡ ሳዕቤናቱ፡ ልቓሕ ካርቦን፡ ዕዳጋ ካርቦን … ወዘተ እናተባህለ ኣዘውቲርካ ዝዝረብ? ዝኾነ ብዛዕባኑ ብዛዕባ ተኽእሎ ምርካብ ቴክኖሎጂን ዝዛረብ ዘየለ ክንሱ?**

ማርቲን ሉተርኪንግ (ጁንየር) ኣብ ምንቅስቓስ በርገሳዊ መሰል 'ዝም ብዝበምታ፡ ደረጃ ብደረጃ፡ ህድእ ኢልካ …ወዘተ. ዝብሉ መደቀሲ ከኒናታት ግዜ የብልናን' ይብል ነይሩ። ሕጂ'ውን ንሱ እዩ ክድገም ንርኢ ዘለና። ከም ኣፍሪቃውያን ኣብ ኣህጉራዊ ዋዕላታት ኣከባቢ፡ ዘዞ ክሊማዊ ለውጢ፡ ዘዞ ምንካይ/ ምስራዝ ዕዳ፡ ዘዞ ፋይናንሳዊ ንድፈታት …ወዘተ. ክንሳተፍ ግድን እዩ። እንተኾነ ግን ልክዕ ከም ማርቲን ሉተርኪንግ ንሕና'ውን 'ዝም ብምዕራባውያን ዝወሃበና ኣኪይቲ መደቀሲ ከኒናታት ይኣክል ክንብል ይግባእ። ኣብ መሰረታዊ ጠንቅታት ኣድሂብና ፍታሕ ንምርካብ ክንሰርሕ የድሊ። ጥሙዋዊ ወስታ መዛይን ኑቲ ዘሎ ዓለማዊ ስርዓት ከምዘለዎ ንኽቕጽል ዝንብርን እምበር ዘላቒ ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። ብዛዕባ "ሽርክነት" ምስ ምዕራባዊ ዓለም ክንገረና እንከሎ "ርኢኹም ንሕና ኩላትና ኣብዚ ጉዳይ ክሊማዊ ለውጢ ብሓባር ኢና" ክብሉና እንከለዉን እቲ እንደልዮ ከይንረክብ ንምድንጓይ፡ ንምኽልኣን ህሉው ዓለማዊ ስርዓት ከምዝቕጽል ንምግባርን ዝጥቀምሉ ስልቲ'ምበር ቅንዕና ኣይኮነን።

ኣብዚ ሰዓት'ዚ ዝኾነት ኣብ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም እትርከብ ሃገር ብዘይድሌትን ፍቓድን ዝማዕበላ ሃገራት ብኢንዱስትሪ እትምዕበለሉ ዕድል ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ንድሕሪት ምልስ ኢልና እተን ድሕረን ብኢንዱስትሪ ማዕበለን ኣብ ዝላሽ ደረጃ ቁጠባ በጺሐን ዘለዋ ሃገራት ኤውሮጳን እስያን ምስ እንርኢ መብዝሕትአን ብኢድ ኣመራጽን መሻርኽታን ንክምዕበላ ዝተሓርያ እየን። ተሓርየን ጥራይ ዘይኮነ እውን ቴክኖሎጂ ተሲግጊሩለን፡ ፊናንስያዊ ድጋፍ ተገይሩለንን ዝምችኦን ስርዓተ-ቁጠባ ክኽተላ ተፈቒዱለንን እየ። ንኣብነት ፖሊሲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጀርመን ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ዓመታት፡ ጀርመን ብድኽነት ዝተዳኸመት ፍጹም ደጊማ ክትሰርር ዘይትኽእል ሃገር ምግባራ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር ኣመራዊ ጀነራል ማርሻል፡ ኣመራ ኣብ ልዕሊ ጀርመን ዝተኸተሎቶ ፖሊሲ ንረብሓ ኣመራ ከምዘይተሃን ጀርመን ንምስፍሕፋሕ ሶቭየት ሕብረት ክትምክት እንተኾይና ብቑጠብ ክትዓቢ ኣመራ ክትሕግዛ ከምዝዋዕእን ኣሚኑ። በዚ ዝተበበሰ ማርሻል ፕላን ኣብ ልዕሊ ጀርመን ክልተ ነገራት እዩ ዓሚሙ። ምስግጋር ቴክኖሎጅን ጀርመን ኢንዱስትርያዊት ሃገር ንምግባራ ዝኣክል ፊናንስያዊ ሓገዝ ምሃብ። ሒመ.ኣመራ ከም ኣካል ናይ ማርሻል ፕላን 5% ናይ ዓመታዊ ጃምላዊ ሃገራዊ እቶታ ንጀርመን መጥያትላ እያ። ኣብቲ እዋን'ቲ ብሰሪ ጀርመን ዝወልዓቶ ኩናት ቁጠብ ዓለምና ኣንቀልቂሉ ዝነበረሉ እዋን እዩ። ኣመራ ግን ሕርያኣ ስለዝነበረ እዚ ዝተጠቕሰ ሓገዝ ንጀርመን ክትምጥወላ ክኢላ። ኣብዚ ግዜ'ዚ 5% ክንዲ ዓመታዊ ጃምላዊ ሃገራዊ እቶት ኣመራ ማለት 1.2 ትሪልዮን ዶላር ምዃኑ እዩ። ንምንጽጻር፡ ኣመራ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝነበረ ዋዕላ ኣከባቢ ብሰሪ ብከላ ኣየር ንዝሰዕብ ጉድኣት መሕወዪ ክውዕል ተባሂሉ ኣብ ዝወሃለል ገንዘብ 17.5 ሚልዮን ዶላር ጥራይ እያ ኣበርኪታ። እታ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ብበከላ ኣየር ኣብ ቀዳሚት እትስራዕ ሃገር ዳርጋ 0.00 ናይ ሃገራዊ ጃምላዊ እቶታ ዝኾነ ኣበርኪቶ እያ ገይራ። እዚ መጠን ገንዘብ'ዚ ንጎንጹቕ ሬሳ ናይቶም ብሰሪ ብከላ ኣየር ህይወቶም ዝሓለፉ ሰባት'ውን ዝኣክል ኣይኮነን።

ብዝኾነ፡ ንድሕሪት ናብቲ ኢንዱስትርያውነት ብሕርያ ኣመራጽን መሻርኽታን ከምዝተግበር ዝገልጽ ሓበሬታ ክንምለስ፡ ጀርመን ንኽትትንስእ እዚ ዝተገልጸ ሓገዝ ጥራይ ኣይኮነን ተገይሩላ። ኣብ 1953 ኣብ ዝተገበረ ብስምምዕ ለንደን ዝፍለጥ ዋዕላ 50% ካብ ናይ ጀርመን ዕዳ ክስረዝ እዩ ተወሲኑ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ዝኾነት ኣፍሪቃዊት ሃገር ከምዚ ዓይነት ምስራዝ ዕዳ ትረኽብዶ? ፍጹም ዘይሕሰብ እዩ።

**•እዞም ኣህጉራውያን ውድባት፡ ከም ባንክ ዓለምን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ዚ ኣፍሪቃዊ ሕቶ ምዕባለ ኣብ ግምት ኣእትየን ይሰርሓዶ? ንሕና ከም ዜጋታት ልቓሕ ኣይንደልን ኢና። ካብዚ ዝወሃብ ልቓሓት ንሕና ዝኾነ ረብሓ ኣይንረኽበን ኢና። ንምንታይ እዞም ኣህጉራውያን ትካላት ንሕና ዜጋታት ክንረብሐሉ ደየን ዝሰርሓ?**

ባንኪ ዓለም ኮነ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝተኣደፈ ዓለማዊ ቁጠባዊ መዋቕር እየን። ሕቡራት ሃገራት ንባዕሉ ኣብ ግዜ መግዛእቲ በዞን ገዛእቲ እዩ ቀይሙ። ሕቡራት ሃገራት ንዋሕዲ ዓመታት ትሕቲ 50 ኣባላት ሃገራት እየን ነይረናኦ። ምኽንያቱ እቲ ዝተረፈ ዓለም ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስለዝነበረ። ስለዚ፡ እተን ገዛእቲ ሃገራት እየን ነዚ ሕጂ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባንክ ዓለም፡ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ውድብ ንግዲ ዓለም … ወዘተ እናበልና እንጽውዖም ዘለና ትካላት ኣቐሚናአን ዝዘውራኣ ዘለዋ። ስለዚ ብኣናን ንዓናን ዘይቆመ ቁጠባዊ ትካል ሕጂ ንዓና ፍትሒ ከውጽእ ከመይ ገይርና ንጽበዮ? ሓደ ነጥቢ ኣሎ ኩላትና ክንፈልጦ ዝግባኣ፡ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ንዋሕ ዓመታት (ዕቝድት) ባንክ ዓለም ብፍላይ ከኣ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ብኣስገዳዲ ዘሎኦምን መምርሒ ቁጠባዊ ፖሊሲ እየን ክኽተላ ጸኒሐን። እዘን ሃገራት ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝኸፍአ ናይ ዕዳ ሰልሚ ተሸሚመን ምህላወን እምበኣር ወይ እዘን ኣህጉራዊ ትካላት ብቕዓት የብለንን ስለዚ ክንሰምዐን የብልናን ወይ ከኣ ኮነ ኢለን ከም ኣካል ቁጠባዊ መጻወድያ እየን ዝሰርሓ ዘለዋ። ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ እዩ። ብናትይ መረዳእታ ግን እቲ ምኽንያት ብዘየገድስ መምርሒአን ክንቅበል ጥራይ'ዩ ዘይብልና። እዘን ትካላት ዘቕርባልና ንድፊ ምዕባለ መምርሒአን ምንኳሪን ኮነ ቀዳመኩኑተን መጻወድያ ንምውዳድ ዝተነድፈ እዩ። እቶም ዓበይቲ መሻርኽቲ ኣካላት ናይዘን ትካላት'ውን ዕላማኦም ንሱ እዩ። ምኽንያቱ መሻርኽቲ ኳንካ እቲ ትካል ክጭብጦ ዘቓመጥኦ ራእይን ተልእኾን ዘይዓምም እንተኾይኑ፡ ስራሑ ክትግምግም ዘይብቑዓቱ ክትኣልን ግድን እዩ። ኣብዘን ትካላት ዝረአ ግን ብኣንጻሩ እዩ። ኣካየድቲ ስራሕ ባንክ ዓለምን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ስራሖም ምስ ወድኡ ሽልማት ኖብል ክሽለሙን ኣብ ዝለዓለ መንግስታዊ ጽፍሒ ምሕደራ ክሸየሙን እዮም ዝርአዩ። ስለዚ፡ እዘን ኣህጉራዊ ትካላት ኣብ ኣፍሪቃ ዝኽተላኦ ዘለዋ ናይ ዕንወት ኣካይዳ ኮነ ኢልካ ኑቲ ዘሎ ዓለማዊ ስርዓት ከምዝቕጽል ንምግባር ዝዓለመ እዩ ክበሃል ይከኣል።

**ይቕጽል . . .**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ጽባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:35 | ፊልም ቻይና |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዶክመንታሪ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ-ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብርሃት ተድላ ስብሓቱ፡ ብዓል ቤተይ የማነብርሃን ጉብረሂወት ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለን ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣኽበረት ወልደኣብ ፍቓዱ፡ብዓል ቤተይ ኣስመሮም ታደሰ ስምኦን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሃብቶም ሓጎስ ተድላ፡ ተጻዋዒ ኣቶ ኣማኑኤል ሓጎስ ተድላ፡ ኣብ መንጎ ኣመልካትን ተጻዋዒን ዘሎ ናይ ሰበዋ ምፍራስ ክርክር፡ ተጻዋዒ ብቖጸሊ ጉዳያት ተጻዋዒ መልሲ ስለ ዘይሃበ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይጽዋዓልዩ ስለ ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ መቕደም ቀሲታ ተስፋጊዮርጊስ ኣደይ ግደይ ወልዲ ጦኽሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድሞ ማርዳሽን እየብ ተስፋልደት ምግል ተሪፉ፡ ሃና እየብ ተስፋልደት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ቅዱሳን ኣርኣያ ዓንደማስቀል፡ ብወኪል ኣቶ ዘርኣይ ተስፉ፡ ብዓል ቤተይ ተስፉይ ዓንደ ዘወልዲ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ነቢላ ጉዕሽ ዓብደላ ምግል ተሪፉ፡ ነቢየት ጉዕሽ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ቅሳት ስመረ ጉብረኣብ፡ ኣቦይ ስመረ ጉብረኣብ ስለዝዘተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጸገ ጉብረእየሱስ እምባዬ፡ ብዓል ቤተይ ታደሰ ኣንገሶም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ተቐባሊት ህያብ ወ/ሮ ከዲጃ ኑርሑሴን ዑመር፡ ወላዲትና ኣፍ/ ወ/ሮ ሃዋ መሓመድኑር ጉበር፡ ንዋንነታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ መንጎኣን ብዘበራኡ መተኣማመኒ ናይ ህያብ ሰነድ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጉዙባንዱ ጉደና ሕዳቑ ዚ.ፕ ኮድ 1A192፡ ቁጽሪ ገዛ 23፡ ፕሎት 64 ፓርሰል ስፍሓት መሬት 521.30 ት/ሜ፡ ናይ ኮሚሽን ኣባይቲ ምስክር ዋንነት ወረቐት (ሊብሬቶ) 108278 መወከሲ ቁጽሪ 111400፡ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብህያብ ናብ ስመይ ከተሓላልፈላ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ናይ ምድናይ ስልጣኑ ዘፍቅዶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ/ሒዛ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን፡ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳይ ከፈጽሞ ምዃነይ እሕብር፡፡

ከዲጃ ኑርሑሴን ዑመር
ወኪል ራሕማ ኑርሑሴን

---

ኣነ ኣመልካቲት ሓሊማ ኢብራሂም ማሕሙድ ዝተበሃልኩ፡ ወራሲትን ወኪልን ናይ ወረስቲ ኣፍ/ኢብራሂም ማሕሙድን ኣፍ/ዓሻ እድሪስን ዝኾንኩ፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማ/ከተማ ዚ.ፕ ኮድ 1A175 ፕሎት 19 ፓርሰል-ጎደና 175-16 ቁ/ገዛ 1 ስፍሓቱ 275.73 ት/ሜ ዝኾነ ቪላ-ገዛ፡ ዋንነቱ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብንብረት ቁ.መዝገብ 38989/58881 ብስም ወላዲየይ ኣፍ/ኢብራሂም ማሕሙድ ማንታይ ዝተመዝገበ፡ ናብ ወረስቲ ከመሓላልፎ ስለ ዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ሓሊማ ኢብራሂም

---

ብስም ሄለን ኣሰፋው ተስፋሚካኤል ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00036205 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ኻላ ቁ.ገዛ 70 ዝርከብ ናይ መሸጢን መዓረይን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ትካለይ፡ ንኣቶ ኣስመሮም መሰፍን መሓረ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ሰንሒት ቁ.ገዛ 17 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/2/2028 ኣካርዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ሄለን ኣሰፋው ተስፋሚካኤል
ሕጋዊ ወኪል ኣሰፋው ተስፋሚካኤል

---

ቅሰን ሓ.ዝ.ብ.ማ ብ12/01/2025 ዝበበር ሰሩዕ ኣኼብኡ፡ ወ/ሮ ቅድሳን የሃንስ ጸዕዱ ናይ 100 ብርኪ 100,000.00 (ሚእቲ ሽሕ) ናቕፋ ሒዘን ካብቲ ትካል ክወጽኣ ከለዋ፡ ወ/ሮ ሂማን በየነ ሃይሌስ ከኣ 100 ብርኪ 100,000.00 (ሚእቲ ሽሕ) ናቕፋ ከፊለን ኣባል'ቲ ማሕበር ከም ዝኾና የፍልጥ ኣሎ፡፡

---

ኣነ ለትኣብ ጉብረገርሽ መብራህቱ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ኣበይቶ፡ ፕሎት 11 ፓርሰል "L" ኣብ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ቁ.መዝገብ ንብረት 1፡008796 ብስመይ ዝተማዝገበ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፡ እዚ ሊብሬቶ ኦርጂናል ምስ ፕላኑ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዚ ሰድ ብትሕዝ ይኹን ብኻልእ ሒዘዎ ኣለኹ ዝብል ሰብ እንተሃልዩ፡ ብቁ.ተሌፎን 07/122020 ይሓበረኒ፡፡ እንተዘይተረኺቡ ግን መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ለትኣብ ጉብረገርሽ መብራህቱ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ዚ.ፕ 1A126 123-3 ጎደና ቁ.ገዛ 3 ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1/008276 ፕሎት B ፓርሰል 3 ተራ ገዛ (ሰርቪስ)፣ ቀንዲ ክፍልታት 4፡ ተሓጋጋዚ ክፍልታት 4፡ ስፍሓት 243.50 ት/ሜ ብስም ጉብረሚካኤል ብርሃ ተስፉ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ዝተመዝገበ፡ ኣቦይ ጉብረሚካኤል ብርሃ ተስፉን ኣደይ ሂወት ጠዓመ ጉብሩን ብውህብቶ ስለ ዝሃቡኒ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተበሂሉ እንተ ነይሩ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ፓብሊክ ኖታሪን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣብርሃም ጉብረሚካኤል ብርሃ

---

ብስም ሰምሃር የውሃንስ ኣስመራ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040992 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 755-8 ቁ.ገዛ 164 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን ፋስት ፉድን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ጅራወርቂ ጸጋዮ ወልደማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 748-1 ቁ.ገዛ 214/30 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ሰምሃር የውሃንስ ኣስመራ

---

ብስም ክሱብ ሲሃማ ኣስመራ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00039539 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና በዐዛ ቁ.ገዛ 7 ዝርከብ ናይ ዝሑል መግቢን ኮፊ ሾፕ ኢንተርነትን ትካለይ ንወ/ሮ ሓበን ፍራይ የውሃንስ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣራቱ ቁ/ገዛ - ካብ ዕለት 01/03/2024 ክሳብ ዕለት 28/02/2029 ኣካርዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ክሱብ ሲሃማ ኣስመራ
ሕጋዊ ወኪል ኤልያስ ሉቃስ

---

ብስም ኣቶ ሳልሕ ሱሌማን ኢብራሂምን ወ/ሮ ጆምዓ ዑሶማንን 3+ ደቂ ጓላን መሪም ሙሳ፡ ኢድሪስ ሙሳ፡ ፋጥማ ሙሳ፣ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111565 መወከሲ ቁጽሪ 111791 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ 4+ ኣስመራ ዚ.ፕ 137 ፕሎት 5 ፓርሰል F ናይ ዝርከብ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዘዎ ወይ ድማ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07601469 ደዊሉ ክሕብረኒ፣ እንተዘየለ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት መተካእትኡ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ስቲ ኣደም ዓማር

---

ኣመልካቲ ዶ/ር ጉብረንጉስ ጊላጋብር የዕበዮ ዝተበሃልኩ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ከባቢ ሰምበል ኣብ ፕሎት 182 ቁ/ፓርሰል ዞን ASP 00016184 ፓርሰል G ብመለለዩ ቁ/ንብረት 1፡004911 ዝርከብ፡ ዋንነት ደብተር (ሊብሬቶ) እቲ ቀንዲ ሰነድ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ወይ ብትሕዛ ሒዘዮ ረኺበ ዝብል ወገን እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ንሕጋዊት ወኪለይ ወ/ሮ ባህጉ ጊላጋብር የዕበዮ ብቑጽሪ ሞባይል 07222874 ደዊሉ የረክብ፡፡ እንተዘይተረኺቡ፡ መተካእትኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ዶ/ር ጉብረንጉስ ጊላጋብር የዕበዮ
ንሕጋዊት ወኪል ወ/ሮ ባህጉ ጊላጋብር የዕበዮ

---

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ማይ ኣፍራሲ ዚ.ፕ 1A/111 ጉደና 111-4 ቁጽሪ ገዛ 8 ፕሎት 29 ፓርሰል "ቢ" 87.73 ት/ሜ ዝስፍሓቱ መሬት፡ ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM0188993/0 ብስም ሰምሃር ጸጋዮ ሃብተ ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረተይ ብመሸጣ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናይ መውዓእታ ውሳነ ትእዛዝ ካብ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ካዳስተርን ብምሓዝ ክቐርብ እጽውዕ፡፡

ሰምሃር ጸጋዮ

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዝኽሪ ፈንቅል - ሃገራዊ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ







ብምኽንያት መበል 35 ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ኤራጅኾር 2025፡ ሰንበት 2 ለካቲት ብናይ ከተማ ውድድር ተዛዚሙ፡፡

እዚ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝተኻየደ ውድድር፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ናይ በረኻ ውድድር ኣሰላሲሉ ነይሩ፡፡

ኣብቲ ናይ ካልኣይ መድረኽ ናይ ቸርኪቶ ውድድር ከኣ ካብ ኢንሹራንስ ተበጊሱ ብሻቮያ ኣቢሉ ናብ ቀጣን ሲጋለት ሰሃማ ኣይዳ በጺሑ ብምምላሱ፡ ኣብ ኢንሹራንስ ዝዛዘም ሓደ ዙርያ ኣሰታት ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ ነይሩ፡፡

ቀዳም ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ መድረኽ ክሽርማእ ካብ ዝተሓበረን ግዜ ብምትሓተን ውድድሪን ዝዘሰረዝን ደቂ ኣንስትዮ፡ 70 ኪሎሜትር ሸፊነን፡፡ ኣብቲ ሰንበት ዝተኻየደ ካልኣይ መድረኽ፡ እቲ ናይ ቀዳም ውድድር ብምስራዙ ዘይተዋሕጠለን እንክሞላሰ፡ ብሓያል ናህሪ ጸወታአን ፈሊመን፡፡ ኣብ ቀዳመይቲ ሰዓት ድማ፡ ብጠምጋም 35.8 ኪሎሜትር ተሓፃባቢጠን፡፡

ተቐዳዳሚት ጋንታ ደቡብ ናርዶስ ጺጋይ፡ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 33.4 ኪሎሜትር እናተጓዕዘት ብ2 ሰዓት፡ 5 ደቒቓን 44 ካልኢትን ዕውትቲ ናይ'ቲ መድረኽ ኮይና፡፡ ኢልዳና በረኸት - ደንደን ሄርሜላ ስምኦን ካብ ጋንታ ደቡብ ከኣ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ኣትየን፡፡

በዚ መሰረት፡ ናርዶስ ብወሃሉል ግዜን ነጥብን ብምዕዋታ ክልተ ማልያን ወርቂ መዳልያን ተሸሊማ፡፡ ብጥዚ ኢልዳናን ሄርሜላን ብሩርን ኑሓሰን መዳልያ ኣንጠልጢለን፡፡ ቤትኤል ኤፍሬም ካብ ጋንታ ደቡብ ከኣ ብልጽቲ ተቐዳዳሚት ናይቲ ዕለት ተባሂላ ሓደ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊማ፡፡

ብደረጃ ጋንታ፡ ጋንታ ደቡብ ንዓራግን ሰራየርን ሳዋን ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ወዲኣ፡፡

ኣብዚ ውድድር፡ ካብ ዞባ ዓንሰባ ዝተሳተፈት ተቐዳደሚት መዚት ኪዳናይ፡ ብዘርኣየቶ ተሰፋ ዝሀብ ጸወታ ካብ ደገፍቲ ናእዳ ረኺባ፡፡

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ 110 ኪሎሜትር ርሕቀት ተሰሪዑሎም፡፡ ኣብዚ መኣጢ ዝበረ ውድድር፡ ኣብ ቀዳመይቲ ሰዓት 43.8 ኪሎሜትር ተጓዒዞም፡፡ 500 ሜትሮ ምስ ተረፎ ከኣ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ልዕሊ 60 ኪሎሜትር በይኑ ብምጉዓዝ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ናይ'ቲ መድረኽ ዝተሰምየ ኬብሮን ኤፍሬም ካብ ጋንታ ሓርነት፡ ብኣደናቒ ብቕዓት ኣብ ዓባይ ጉጅለ ሞሊቑ ብምውጻእ - ብ2 ሰዓት 34 ደቒቓን 16 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ፡፡ ክልተ ካልኢታት ድሒሩ ከኣ ስምኦን ተኽለይ ጋሽ ባርካ ከምኡ'ውን የናታን ቴድሮስ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም፡፡

ሶፋንያስ የማነ ኣብ ጽንዓት ናይ ማእከል ድማ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ናይቲ ዕለት ተባሂሉ ሓደ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሙ፡፡

ብውጽኢት ክልተ መድረኻት፡ ብወሃሉል ነጥቢ ሚልኪያስ ዳኒኤል ካብ ጋንታ ትጸቢት ዛራ ብ11 ነጥቢ ተዓዊቱ፡፡ ብወሃሉል ግዜ'ውን ሚልኪያስ ጸብሎል ኢሉ፡፡ ኤፍሬም ዘርኢጋብር ካብ ናትና ከምኡ'ውን ኬብሮን ኤፍሬም ብተኸታታሊ ብሩርን ኑሓሰን መዳልያ ተሸሊሞም፡፡

ኣብ ናይ ጋንታ ቅልስ - ትጸቢት ዛራ፡ ናትናን ደንደንን ተመራሪሐን ወዲአን፡፡

ብሓፈሻ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ብውልቂን ብጋንታን ብምዕባሉ ጉብሉል ምኳና፡ ህዝባዊ ርክብ ሃገራዊ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር፡ ዞባታት ካብ ምስታፍ ሓሊፈን ተወዳደርቲ (ኣብ ደረጃ ምእታወን) ዘርኣያሉ ነይሩ፡፡

## ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ቀጺሉ

### ጎዳይፍ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተቐሚጣ

ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት ብኽልተ ግጥማት ዘዋሪት ዋንጫን ሓንቲ ጸወታ ሻምፕዮናን ቀጺሉ፡፡

ፈለመ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ ዘዋሪት ዋንጫ ኣብ መንጎ ኣልታሕረርን ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታ ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ተኻይዱ፡፡ ዓብላሊት ዝበረት ኣልታሕረር፡ ካብ ሜሮን ዓንደምን የናታን ተኽስተን ከምኡ'ውን ተጻዋታይ ኣልታሕረር ናብ ልዑቱ ብዘመዝገቦ ሸቶ ንዕረፍቲ 3-0 መራሒ ወጺኣ፡፡

እዛ ጋንታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ካብ ኣሌክሳንደር የናታን፡ ጴጥሮስ መንግስ፡ ሜሮን ዓንደም፡ ደክኣሎ ሕድሮምን ዘርኢት የማነን ሓሙሽተ ሸቶታት ብምውሳኻ ከኣ ብጠፈሕ 8-0 ተዓዊታ ናብ ዝቐጸል ጸወታ ሓሊፋ፡፡ ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበ ሜሮን ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡፡




ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር፡ ዓባይ ጋንታ ደንደን ንኩባንያ ህንጻ ሰገን ገጢማታ፡፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ሸቶ ዘይተራእየ እዚ ግጥም፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ደንደን ብተኸታታሊ ኣብ መበል 51፡ 85ን 90ን ደቓይቕ ካብ ሰም መድሕኑ ሰራክ መብራህቱን ቢንያም ግርማይን ሸቶታት ኣመዝጊባ 3-0 ተዓዊታ፡፡

ሰም፡ ብሉጽ ናይዚ ጸወታ ተሰምዩ፡፡

ሻውዓይ ሰሙን ግጥማት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' እውን፡ ኣብ መንጎ ጎዳይፍን ኩባንያ ሰምባልን ጸወታ ኣካይዱ፡፡ እዚ ክልቲአን ተመጣጣኒ ብቕዓት ዘርኣያሉ ጸወታ፡ 0-0 ተዛዚሙ ኣብ ዝተባህለ፡ ናብ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ካብ ትድይብ ሳልሳይ ዓመታ ኣቐጺራ ዘላ ጎዳይፍ፡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ፡ ብመገዲ ሓለቓኣ መርሃዊ ረዳኢ - ናብ ሸቶ ብምቕያር ድማ፡ ሰለስተ ኣገደስቲ ነጥቢ ወሲዳ፡ መርሃዊ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ተጸዊዑ፡፡

ጎዳይፍ፡ ነጥባ ናብ 10 ክብ ኣቢላ ንሰምባልን ሓይሊ ኣየርን ብደምር ሸቶ በሊጻ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ኣላ፡፡ ደንደን ብምሉእ 21 ነጥቢ ክትመርሕ ከላ፡ ቀይሕ ባሕሪ ከኣ ብ16 ነጥቢ ትስዕብ፡፡

ብዘይካዚ፡ ቀዳም ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታታት ኣብ ዘካየዳኦ ግጥማት፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንኣልታሕረር 'ቢ' 8-1፡ ጸጸራት ንንግዳዊ ጥጡ 4-1፡ ጎዳይፍ 'ቢ' ንምምሕዳር ሰምባል 2-0፡ ገዛ ጥንዳ ንገጀረት 3-0፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንኣኽርያ 5-1 ከምዝሰዓረአን ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

## ሃገራዊ ውድድር ባይታ ተኒስ ይካየድ ኣሎ

ሃገራዊ ውድድር ባይታ ተኒስ፡ ሰንበት 02 ለካቲት ኣብ ሜዳ ቤት ገርግሽ ፈሊሙ፡፡

እዚ ክሳብ 9 ለካቲት ዝቕጽል ናይ ክልቲኡ ጾታ ውድድር፡ ናይ ዕድመ 11ን 12ን ከምኡ'ውን 13ን 14ን እዩ፡፡

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት፡ ኣብ ዕድመ 11ን 12ን ሳሙኤል ኣስመሮም ካብ ዞባ ማእከል ንሚኪኤል ኣብራሃም ናይ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 7-1 ረቲዑ ናብ ዝቐጸል ውድድር ሓሊፉ፡፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ በልሃ ግርማይ - ደቡብ፡ ንሊሃም የማነ - ዓንሰባ 7-0 ሰዒራታ፡፡

ብዘይካዚ፡ ኣብ ዕድመ 13ን 14ን መርሃዊ ደብሳይ - ደቡብ፡ ንክብል ሙሳ - ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ 9-1 ከምዝሰዓሮ፡ ናይቲ ፌደረሽን ህዝባዊ ርክብ ሓቢሩ፡፡



## ቢንያም፡ ታሽዓይ ኣትዩ

ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ እስጳኛ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ታሽዓይ ኣትዩ፡፡

እዚ ሓሙሻይን ናይ መወዳእታን ናይ ክላሲክ ውድድር 'ብደሆ ማዮርካ' ዝኾነ ትሮፌዮ ፓልማ ዝተባህለ ጸወታ፡ 149.9 ኪሎሜትር ሸፊኑ፡፡

ተቐዳዳማይ ክለብ ካጃ ሩራል - ኣሪ ሰዩታዮ፡ ውድድር ክዛዘም ሓደ ኪሎሜትር ምስ ተረፎ ብዘበርኦ መጥቃዕቲ፡ ወላ'ኳ ኣብ መወዳእታ ዓባይ ጉጅለ ዳርጋ ኣርኪቡቶ እንተነበረት - ብ3 ሰዓት፡ 8 ደቒቓን 40 ካልኢትን ተዓዊቱ፡፡ ኣባል ኮፊደስ - ስታኒስላው ከምኡ'ውን ተቐዳዳማይ ኤኖ-ኢክ ኦርለንድ ብለክራን ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም፡፡

ሳልሰይቲ ናይዚ ዓመት ውድድር ዝተኻየደ ቢንያም ከኣ ብተመሳሳሊ ግዜ ታሽዓይ ደረጃ ሒዙ፡፡

ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ዕለት ኣብ ኣውስትራልያ ንታሽዓይ ግዜኡ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ክላሲክ ውድድር 'ካደል ኢቫንስ'፡ ኣባል ሞቪስታር ናትናኤል ተስፋጼን ተቐዳዳማይ ኣስታና ሄኖክ ምሉእብርሃን ካብ ዕውት 57 ካልኢት ድሒሮም ብተኸታታሊ መበል 19ን 23ን ኣትዮም፡፡

ዝ ናይ 183.8 ኪሎሜትር ውድድር፡ ተቐዳዳማይ ጃዪኮ ኣልዐላ - ማርያ ሸሚድ ብ4 ሰዓት፡ 26 ደቒቓን 7 ካልኢትን ተዓዊቱሉ፡፡ ናትናኤል፡ ዓሚ ኣብዚ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ነይሩ፡፡




## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ቀጺሉ

ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ትማሊ ሰኑይ'ውን ቀጺሉ ነይሩ፡፡

ንምድብ 'ለ' ዝወከላ ጋንታታት ገጀረትን ዕዳጋ ሓሙስን ኣብ ዝተኣኻኸባሉ፡ ገጀረት መበል 13 ደቒቕ ብመገዲ ሶፋኒት ሰዩም ሸቶ ኣቐጺራ ንዕረፍቲ 1-0 መራሒ ወጺኣ፡፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ዕዳጋ ሓሙስ ወላ'ኳ እተመዛራርያ ሸቶ ንምርካብ እንተፈተነት ክሰልጣ ኣይከኣለን፡፡ ገጀረት ግና፡ ክልተ ሸቶታት ካብ ዩልያ ዓይናም ሜላት መድሃኔን ረኺባ ብጠፈሕ 5-0 ተዓዊታ፡፡ የርሳበል ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ፡፡

ድሕሪ ግጥም ኣሰልጣኒ ገጀረት ሙሴ ብርሃ "ንመጋጥምትና ኣቓሊልና ኣይረኣናየንን፡፡ ኣብ ምጥቃዕ ዘድሃበ ስልቲ ሒዝና ብምእታውና ንዓወት በቒዕና" ኢሉ፡፡

ኣሰልጣኒ ዕዳጋ ሓሙስ መም. ኣስመሮም ብወገኑ "ተጻወትትና ብዘርኣየኦ ጸወታ ዕጉብ እየ፡፡ ኣብ ዝመጽእ ግጥም ሃጓፋትና ኣለሊና ተወዳደርቲ ኮይንና ክንቀርብ ኢና፡፡" ኢሉ፡፡

እዚ ውድድር፡ ብሰንበት'ውን ሓደ ጸወታ ኣካይዱ ነይሩ፡፡ ጎዳይፍ፡ ንሰምባል 3-1 ሰዒራታ፡፡ ሃትሪክ ዝሰርሐት የርሳቤል መንግስ ከኣ ብልጽቲ ተጻወትቲ ተባሂላ፡፡ ንእኡ ሸቶ ሰምባል፡ እሙንክር ዓብደላ ኣመዝጊባታ፡፡

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ናይ ምድብ 'ለ' ጋሽ ባርካን ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍን ከምኡ'ውን ምም/ዞባ ሰምባል ምስ ዞባ ዓንሰባ ብዘካይዳኦ ጸወታ ክቕጽል እዩ፡፡



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ሕብረት ኤውሮጳ ቀረጽ የንብር

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ናብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዝኣትዉ ንብረታት ቀረጽ ክምዝንብር ኣፍሊጦም።

ትራምፕ ዝ ዘፍለጦ፡ ጸግሕ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ካናዳ፡ መክሲኮን ህዝባዊት ሬፓብሊክ ቻይናን ኣካታዊ ቀረጽ ኣብ ዘንበረሉ እዩ።

"ኣብ ዓለም ዘለዋ ሃገራት ካብ ንግዳዊ ፖሊሲታት ኣመሪካ ረቢሐን እየን፡ ብኣንጻሩ ኣመሪካ ተጎዲኣ እያ። ዝ ኩነታት ክንኸትሉ ግድን እዩ " ክብል ነቲ ውሳኔ ዘመሓላለፈሉ ምኽንያት ገሊጹ።



ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ብሪጣንያ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስድ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ ድማ፡ ትራምፕ እቲ ውሳኔ ነታ ሃገር ክምዝምልከት'ውን ብምሕባር፡ እንተኾነ እቲ ኩነታት ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ሰር ኪር ስታርመር ክሰራሓሉ ከምዝኽእል ኣሚቱ።

ትራምፕ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት መክሲኮን ካናዳን 25 ሚእታዊት ቀረጽ፡ ኣብ እታው ንብረት ቻይና ድማ 10 ሚእታዊት ቀረጽ ካብ ሎሚ ሰሉስ ጀሚሩ ክጀምር ምኳኑ ሓቢሩ ኣሎ።

ካናዳን መክሲኮን እቲ ፕረዚደንት ኣብ ልዕሊኦን ብዘንበሮ ቀረጽ ናይ ሕነ ምፍዳይ ተመሳሳሊ ቀረጽ ከምዘንብራ ክፍልጣ እንከለዋ፡ ቻይና ድማ "ተመጣጣኒ ጸረ ስጉምትታት" ክትትግብርን ናብ ውድብ ንግዲ ዓለም ድማ ክሲ ክተቕርብ መደብ ከምዘለዋን ኣፍሊጣ ኣላ።

ትራምፕ፡ ካናዳን መክሲኮን ዝሻቐልዎ ጉዳያት ዘይሕጋዊ ስደትን ምስግጋር ዕጹ ፋርስን እንተዘይፈቲሐን፡ ኣብ ልዕሊኦን ቀረጽ ከምዝንብር እዩ ከጠንቀቐ ጸኒሑ።

## ሰራዊት እስራኤል፡ ሓያሎ ትሕተ-ቅርጺ ምዕራባዊ ገማግም ኣዕንዩ

እስራኤል፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣብ ልዕሊ ዝርከብ መዓስከር ስደተኛታት ጀኒን ብዝፈደቶ ደብዳብ፡ ሓያሎ ህንጻታት ከምዝዐነወ ተሓቢሩ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ በቲ ኣብ ጀኒን ትሕተ-ቅርጺ ሽበራውያን ንኸይምስረት ንምክልኻል ምኳኑ ዝገለጸ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተኻየደ ደብዳብ፡ 23 ህንጻታት ከምዝዐነወ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም 50 ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ከምዝቐተሉ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ኣፍሊጡ።



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፍልስጤም፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ትሕተ-ቅርጺ ጀኒን ዝፈደቶ ደብዳብ ብምሽናኑ ነቲ ስጉምቲ 'ኣረሜናዊ' ክብል ገሊጾዎ።

ፕረዚደንት ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ፡ እስራኤል፡ ኣብ መዓስከራት ጀኒንን ቱልካርምን ዝርከብ መንበሪ ህንጻታት ምዕናው ደው ከተብሎ ንምስጉዳድ ህጹጽ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ሓቲቱ።

እስራኤል ምስ ምንቅስቓስ ሓማስ ብ19 ጥሪ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ካብ ትኽትም ንደሓር፡ ሰራዊታ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ኣንጻር እቶም ኣብ ከባቢ ጀኒን ዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት "ሓጺናዊ መንደቕ" ተባሂሉ ዝተሰየመ መጥቃዕቲ ከምዝጀመረ ዝፍለጥ እዩ።

## ኢራን፡ 3 ሳተላይታት ንምርኢት ኣቕሪባ



ኢራን፡ ዝሓለፈ ሰንበት ሃገራዊ መዓልቲ ቴክኖሎጂ ጠፈር ኣብ ዘኽበረትሉ፡ ብውሽጣዊ ዓቕማ ዘማዕበለቶን ሰለስተ ሳተላይታት ኣብ ርእሰ ከተማ ጥህራን ንምርኢት ከምዘቕረበትን ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ሓቢረን።

እተን ብማእከል ምርምር ጠፈር ኢራን ዝተዳለዋ ናሂድ-1፡ ፓርስ-2ን ዝተመሓየሸ ሞዴል ፓርስ-1ን ዝተሰምያ ሳተላይታት፡ ፕረዚደንት ኢራን ማስዑድ ፔዘሽክያን፡ ሚኒስተር ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክባትን ሰይድ ሳታር ሓሸሚ፡ ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ካቢነ ሚኒስተራት ኣብ ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት እየን ንምርኢት ቀሪበን።

እተን ሳተላይታት ኣብ መራኸቢታት፡ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ፡ ምክትታል ኣከባቢን ኣብ ምሃብ ምላሽ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን ዝጠቕማ ምኳነን ተገሊጹ።

ሚኒስተር ምክልኻል ኢራን ዓዚዝ ናስርዛደህ ዝሓለፈ ሰንበት ነቲ ኣጋጣሚ ንምኽባር ኣብ ጥህራን ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ እታ ሃገር ኣብ ዝቐጽሉ ሰሙናት ክልተ ሳተላይታት ናብ ህዋ ክትውንጭፍ መደብ ከምዘለዋ'ዩ ዘጽረ።

## መራሒ ሕዝቦላህ ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ይካየደሉ



ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ናይ'ቲ ንዋሕ እዋን ንሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ዝመርሐ ሓሰን ናስራላህ፡ ዝመጽእ 23 ለካቲት ክካየድ ምኳኑ፡ ኣፈኛ ናይቲ ምንቅስቓስ ኣፍሊጡ።

ንልዕሊ 30 ዓመታት ዋና ጸሓፊ ሕዝቦላህ ኮይኑ ዘገልገለ ናስራላህ፡ እስራኤል ቅድሚ ኣዋርሕ ኣብ ደቡባዊ ከባቢታት በይሩት ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ዒላማታት ሕዝቦላህ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈጸመትሉ እዋን'ዩ ብ27 መስከረም ተቐቲሉ።

ሓዲሽ መራሒ ሕዝቦላህ ናይም ቃሰም ዝሓለፈ ሰንበት ብቴለቪዥን ኣብ ዝሃቦ መደረ፡ "ናስራላህ ኣብ ጸገም ኩነታት እዩ ተቐቲሉ" ድሕሪ ምባል፡ ሽዑ እቲ ምንቅስቓስ ግዝያዊ ቀብሪ ክካየደሉ ከምዝተገደደ ኣብሪሁ።


ብዘይካ'ዚ፡ ንናስራላህ ተኪኡ ንኣሰታት ሓደ ሰሙን ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምጽናሕ ብመጥቃዕቲ እስራኤል ዝተቐትለ ሓሸም ሳፊዲን እውን ወግዓዊ ናይ ቀብሪ ስነ-ስርዓት ክግበረሉ ሕዝቦላህ ወሲኑ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሕዝቦላህ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ላዕለዎት ወተሃደራዊ ኣዘዝቲ ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ዝተፈጸመ ቅትለት፡ ዝሓለፈ 29 ጥቅምቲ ንምክትል መራሒኡ ዝነበረ ቃሰም፡ ዋና ጸሓፊ ክኸውን ከምዝመረጾ ይፍለጥ።

ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሕዳር ኣብ መንጎ ሕዝቦላህን እስራኤልን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ወተሃደራት እስራኤል ካብ ደቡባዊ ሊባኖስ ክወጹ፡ ሕዝቦላህ ድማ ሰራዊቱ ካብ'ቲ ከባቢ ብምውጻእ ኣብ ክንድኡ ወተሃደራት ሊባኖስ ኣብ'ቲ ከባቢ ክዋፈሩ ናይ 60 መዓልታት ናይ ግዜ ገደብ ኣቐሚጡ ምንባሩ ይዝከር።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ናይ ግዜ ገደብ ዝሓለፈ ወርሒ ክሳብ 18 ለካቲት እኳ እንተተናወሐ፡ እስራኤል ካብ ሊባኖስ ምውጻእ ብምእባያን ኣብ ገለ ከባቢታት እታ ሃገር ሓሊፋ መጥቃዕቲ ኣየር ብምቕጻላን ንውዕላት እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ትጥሕስ ከምዘላ ሕዝቦላህ ይኸስስ።

## ፕረዚደንት ሶርያ ምስ ልኡል ስዑዲ-ዓረብ ዘትዩ



ፕረዚደንት ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻሪኣ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ልኡል ስዑዲ-ዓረብ መሓመድ ቢን ሳልማን ተራኺቡ ከምዝዘተየ ተገሊጹ።

ኣል-ሻራ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ፕረዚደንት መሰጋገሪ መንግስቲ ሶርያ ኮይኑ ካብ ዝሸየም ንደሓር ናብ ስዑዲ ዓረብ ገይሩዎ ዘሎ መገሻ ናይ መጀመርታ ምብጻሕ እዩ።

ድሕሪ'ቲ ርክብ ኣል-ሻራ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ዘተ ክልቲኦም መራሕቲ፡ ስዑዲ-ዓረብ መጻኢ ሶርያ ኣብ ምህናጽ ሓቀኛ ድሌት" ከምዘለዋ ዘርኢ እዩ ድሕሪ ምባል፡ እቲ ርክብ ኣብ ጸዓት፡ ቴክኖሎጂ፡ ትምህርትን ጥዕናን ንምትሕብባር ዝዓለመ መደባት ዘጠቓለለ ምንባሩ ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣል-ሻራ ን 'ኣል-ዓረብያ' ቲቪ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ስዑዲ-ዓረብ፡ ብርግጽ ኣብ መጻኢ ሶርያ ዓቢ ተራ ክትጻወት'ያ" ብምባል፡ ሽርክት ክልቲኦን ሃገራት ንኽልቲአን ሃገራት'ቲ ዞባ ዓቢ ናይ ወፍሪ ዕድል ዝፈጥር ምኳኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ ዓረብ ልኡል ፋይሳል ቢን ፋርሓን ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ደማስቆ ኣብ ዘካየዶ ዑደት ብወከስ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ዝተነበረ ቁጠባዊ እገዳ ንምልዓል ምስ ኤውሮጳን ኣመሪካን ንጡፍ ዘተ ተካይድ ከምዘላ ምሕባሩ ኣይረሳዕን።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 04/02/2025 | ጎደና ማ.ት.ኣ -176 ቁ. 25፡ ከባቢ ሲኒማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴለፎን 127565